# ኣብ ጎዳይፍ፡ 671 ሰባት መሬት ጤሳ ተዓዲሎም።

------ 0 ------

ኣብ ጎዳይፍ ዞባ ማእከል፡ ደቂኣንስትዮ፡ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎትን ተጋደልትን ዝርከብዎም 671 ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከቡ ደቂ ኣባት ሎሚ 15 ሓምለ መሬት ጤሳ ተዓዲሎም።

እቲ ዝተዓደለ መሬት ጤሳ ንነብሲ ወከፉ ካብ 400-600 ትርቢዒት መሬት ኮይኑ፡ ዘድሊ ቅጥዒ ንዘማልኡ እዩ ተዋሂቡ። እቲ ዝስራሕ መንበሪ ኣባይቲ ምስ ፕላን ከተማ ኣስመራ ዝከይድ፡ ሰርቪ፡ ቪላ፡ ብዓል ሓደ ደርቢን ክልተ ደርቢን ኣባይቲ እዩ ክህነጽ። ስፍሓት ናይቲ ዝተዓደለ መሬት ጤሳ 730 ቃጽዖታት ክኸውን ከሎ ሕክምና፡ ቤት ትምህርቲ፡ ሓምላይ ዴሰት፡ ሜዳ ስፖርት፡ ንግዳዊ ንጥፈታት ዝካየደሉ ቦታ እውን ዘጠቓልል እዩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሓላፊ ጤሳ ዞባ ማእከል ኣቶ ነጋሲ ወልደማርያም፡ ኣብ ጎዳይፍ፡ ብዝሒ መሬት ጤሳ ዝሓተቱ 2649 እኳ እንተነበሩ፡ 949 ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከም ዝተረፉ ጠቒሱ፡ ዝኣክል መሬት ስለ ዘሎ ጉዳዮም ተጻሪዩን ዝግብኦም ኮይኑ ምስ ዝርከቡ ኣብ ካልኣይ ክፉል፡ ኣብ ዝሓጸረ ጊዜ ከምዝዕደሎም ድማ ሓቢሩ። ንሱ ኣስዒቡ፡ እቲ ናይ ሎሚ ምዕዳል ናይ መወዳእታ ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ ኣብቲ መስርሕ ምምማይ፡ መሬት ክወስዱ ዝግብኦም፡ ብቑዕ መረጋገጺ ብዘይምቕራቦም ዘይተዓደሉ ወይውን ብጌጋ መሬት ዝተዋህቦም ክህልው ስለዝኽእሉ፡ ክፍሊ ጤሳ ዞባ ማእከል ጥርዓናት ከምዝቕበልን ዘድሊ መልሲ ከምዝህብን ድማ ሓቢሩ።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ ቤት መኻእ፡ ዓዲ ሰግዶ፡ ቁሸት፡ ዳዕሮ ቃውሎስ፡ ወክዱባ፡ ዓዲ ሃብተስሉስ፡ ዓዲ ሃከፉ፡ ላምዛ፡ መሬት ጤሳ ተዓዲሉ እዩ። ዝመጽእ ሰሙን ድማ ኣብ ጸሎት ክዋሃብ ምዃኑ ኣቶ ነጋሲ ብተወሳኺ ሓቢሩ።

****** ******